ናይ ዕለቱ ምንባባት ወንጌልን ምስባክን (በዓለ ጥምቀት ሰንበት ኪውዕል ከሎ።)

1ይ ዲያቆን:- ቲቶ 3፣4-8 (Titus)
2ይ ዲያቆን:- 1ይ ዮሃ 5፣ 5-13 (1 John)
2ይ ካህን:- ግብ 10፡34-39 (Acts)
1ይ ካህን:- ማቴ 3፡1-17 (Matthew)

ቅዳሴ፡- ቅ. ድዮስቆሮስ (እምቅድመ ዓለም)
መዝሙር፡- ኣጥመቆ ዮሃንስ

ባህርኒ ርእየት ወጎየት፤
ወዮርዳኖስኒ ገብአ ድህሬሁ፤
ኣድባር ኣንፈርኣጹ ከመሓራጊት።

ባሕሪ ርእያቶ ሃደመት፥ ዮርዳኖስ ንድሕሪት ተመልሰ። ኣኽራን ከም ደዓውል፡ ኮረቢት ከም ዕያውቲ ተሰራሰሩ። መዝ 114፡3-4።

“The sea saw [it], and fled: Jordan was driven back. The mountains skipped like rams, [and] the little hills like lambs.” Psalms 114:3-4.

# ስሌና ተጠምቀ



ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ 30 ዓመቱ ዮርዳኖስ ዝተጠምቀሉ ምኽንያት “ኩሉ ስሌና ኪብል እዩ። ክርስቶስ ኣብ ሞንጎ ሓጢኣቶም ተኣሚኖም ብኢድ ዮሃንስ ካብኦም ምምጻኡ ብቓልን ብግብርን እግዚኣብሔር ኣቦ እቲ ዝፈትዎ ብእኡ ኪትረኽቡ ኢኹም ኢሉ ዝመስከረሉ ኣብዚ ዕለትዚ ሰማይ ተኸፍተ፡ ጽልኢ ብኢድ ዮሃንስ መጥመቕ፡ ኣብ ሩባ ጽድቂ ክንፍጽም ይግብኣና’ዩ” ከም ዝበሎ፡ እቶም ብግልጺ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ህዝቢ መጥመቕ ንኽጥመቁ ዝመጹ፡ ከም ሓደ ኪምህረና፤ ሥላሴ ዝተገልጸሉ ዕለት፡ ዝሰመርኩ ወደይ ስምዕዎ ምሕረት ዕለት ብምኻኑ ከኣ ፍሉይነት ኣለዎ። ተደምሰሰ፡ ሰይጣን ሓፈረ። እግዚኣብሔር ኣቦ እቲ ብተዋህዶ (ቃል ስጋ ኮነ) ንመስቀልን መስዋእትን ዝለኣኾ እንኮ ወዱ፡ ኣብ ክንዲ በደልና በጃ ኪኸውንን፡ ፍጥረት ኩሉ ዓለም ድማ ብደም ክርስቶስ ምሕረት ኪረክብን እዩ ዕላማ ጥምቀት። ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ “ነቲ ብሕጋጋት ዝቃወመናን ዚብኣሰናን ዝነበረ ብኢድ እተጻሕፈ ጽሕፈት ዕዳ ኪድምስስ” (ቆለ 2፡14) እዩ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ዝተጠምቀ። ዝተፈላለዩ መጻሕፍቲ ቤተክርስትያንና ነዚ ዓቢ ዕለትዚ ዝምልከት ዝተፈላለየ ኣገደስቲ ቃላት ሰኒዶምልና ኣሎዉ። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፡- “ኣንሶሰወ ገሐደ ወኣስተርኣየ ከመ ሰብእ በብሕቅ ልሕቀ ብሠላሳ ክረምት በዮርዳኖስ ተጠምቀ” ትርጉም “ብግልጺ ተመላለሰ፡ ከምሰብ በብእዋኑ ዓበየ፡ ተራእየ፡ ኣብ ሰላሳ ዓመቱ ኣብ ዮርዳኖስ ተጠምቀ” (ቅዳሴ ዘድዮስቆሮስ)። “ተጠምቀ በማይ እንዘ ለሊሁ ቅዱሰ ቅዱሳን ከመ ይቀድስ ኪያከ ቃለ ኣብ ተሰምአ በዮርዳኖስ ወረደ መንፈስ ቅዱስ ዲበ ርእሱ ከመ ተኣምር ከመ ላእሊሁ ወልድ ውእቱ ዘመጽኣ ለኀሢሦትከ” ትርጉም “ ንሱ ናይ ቅዱሳን ቅዱስ ክነሱ፡ ምእንቲ ኪቅደሰካ ኢሉ ኣብ ዮርዳኖስ ተጠምቀ፡ ናይ ኣቦ ድምጺ ተሰመዐ፡ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ብኣምሳል ርግቢ ኣብ ልዕሌኡ ዓለበ፡ እዚ ኩሉ ዝኾነ ከኣ ንዓኻ (ንጥፉእ) ኪደሊ ከምዝመጸ ምእንቲ ከረድእ እዩ”። (ኣረጋዊ መንፈሳዊ)። “በልደቱ ተርህወ ሰማይ ወበጥምቀቱ ተኣውቀ መለኮቱ፡ መንግስቱ ስፉኒት ዘእምቅድመ ዓለም ንጉስ ውእቱ ወኣልቦ ማህለቅት ለመንግስቱ”። ትርጉም “ብልደቱ ሰማይ ተኸፍተ፡ ብጥምቀቱ መለኮቱ ተፈልጠ፡ መንግስቱ ዘልኣለማዊት እያ፡ ንመንግስቱ ድማ መወዳእታ የብሉን”። (ሊቅ)። “ኣኮ ዘረከበ ጸጋ በተጠምቆቱ ኣላ ከመ ያብርህ መካናተ ወያኃይል ማያተ ለእለ ሃለዎሙ ይጠመቁ ውስቴታ”። ትርጉም “ጸጋ ኪረክብ ኣይተጠምቀን፡ ምእንቲ እቶም ካብኡ ንደሓር ዝጥመቑ፡ ንሩባ ዮርዳኖስ ክቕድስ፡ ንኹሉ ማያት ከኣ ኪባርኽ እዩ ዝተጠምቀ”። (ሊቅ)። “ኣኮ ፈቂዶ ለተጠምቀ ኣላ ከመ የኃበነ ሱታፌ ንጹህ።” ትርጉም “ምስኡ ብቕድስና ሓድነት ምእንቲ ኪህልወና ስሌና ተጠምቀ እምበር ንኽጥመቕ ስለ ዘድልዮ ኣይኮነን።” (ሊቅ)።

ስለዚ ክቡራት ክርስትያን ኣምላኽናን መድሓኒናን ክርስቶስ ብጥምቀቱውን ዓቢ ትምህርቲ ገዲፉልና ኣሎ። ብኣና ሸነኽከ እምነት ክርስትናና ከመይ ኣሎ? ሎሚ እቲ ካብ ጥምቀት ዝተመሃርናዮ ዓጽኒዕና ክንሕዝ፤ ከምቲ እግዚኣብሔር ኣብ፡ ንክርስቶስ ዝመስከረሉ፡ “እዚኣቶም እቶም ዝፈትዎም ደቀይ እዮም” ኢሉ ስሌናውን ምስክሩ ምእንቲ ኪህብ ንዕኡ ዚበቕዕ ህይወትን ናብራን ኪህልወና ኪንጋደል ይግባእ።

ትርጉም፡ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።
ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑለቃል ኣካሉ።